## ተደጋጋሚ ሓሶት ሓቂ ይመስል፡ እምነት ጁንታን ሰዓብታን፡

ለሚን ተኺልካ ኣራንሺ ክትቅንጥብ ኣይትጽበን ኢኻ። ካብ ሓሳዊት ጁንታ ዘምሃረቶም ሓቀኛታት ክትረክብ ዘበት። ጁንታ ኣብ ዘይተጸበዮቶን ብዘይ ሓሰበቶ ግዜ ነበረት ኮይና ኣላ። ኣብዚ ፍጹም ጥፍኣት ዘብጽሓ ካብ ሓቂ ሪሒቓ ን27 ዓመት ስለ ተጓዘት እያ። ኣብዚ ናይ 27 ዓመታት ብሓሶትን ቅጥፈትን ክትምልምሎም ዝጸንሔት ሰዓብታ ሎሚ ሓቂ ክዛረቡን ክገብሩን ኢልካ ምጽባይ ካብ ብዕራይ ጸባ ምሕላብ'ዩ። እዚ ሕጂ ብሰዓብቲ ጃንዳ ኣብ ወጻኢ ዝግበር ዘሎ ሰላማዊ ሰልፍታት ደጋጊምና እንተ ሓሶናስ ክንዕወት ኢና ዝብል ፉንፉን ኣረኣእያ ወያነ ዘሕደረሎም እምነት እዮም ከተግብሩ ዝፍትኑ ዘለዉ። ሓይሊ ምክልኻል ኢትዮጵያ ምስ ሓይሊ ኣምሓራ ኮይኑ ደምሲሰዎም ከሎ ሰራዊት ኤርትራን ሶማልን ኔሮም ዝብሉ ዘለዉ። ጉዳይ ሶማል ሶማላውያን ይዛረብሉ። እንተ ብዛዕባ ሰራዊት ኤርትራ ገሩዎ ዝብሉዎ ዘለዉ ኣጻያፊ ተግባር ግን ካብ ጁንታን ሰዓብታን ንጽበዮ ነገር እዩ ማለተይ ሓድሽ ኣይኮነን።

ንድሕሪት ምሊስ ኢልና ታሪኽ ምስ እንውከስ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝባዊ ግንባር ብኣማኢት ቁጽሪ ሰራዊት ደርጊ ምስ ማረኸ፡ ካብቲ ብሕጊ ዓለም ለኻዊ ዘፍቅዶ ንላዕሊ ተኸናኺኑ ነናብ ዝመረጹዎ ብሰላምን ውሑስ መንገድን መሳርፎም ሂቡ ከም ዘፋነዎም ንሕና ኤርትራውያን ጥራሕ ዘይኮና ንባዕሉ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቁዱስ ተግባር ምንባሩ ዝመስከሮ እዩ። ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን። ህዝባዊ ግንባር መሬት ኤርትራ ሓራ ምስ ኣውጸኤ ክሳብ ሸዋ ክበጽሕ ከሎ ዝማረኾ ንብረት ንጁንታ የረክባ ከም ዝነበረ ኣብ ታሪኽ ሰኑድ ኣሎ። ኣብ እዲስ ኣበባ ምስ በጽሔውን ዘርኣዮ ጭውነት ንህዝቢ ኦትዮጵያ ከም ዘገረሞ ኣብቲ ሸው እዋን ዝፍኖ ዝነበረ ፈነወታት ተመስኪሩሉ እዩ። ዝዘመት እንተዝኸውን ሸው ሙሉእ ዓቕምን ሓይልን ምኽንያትን ነይሩዎ። ብስነ ስርዓትን ቁዱስ ባህልን ተኾስኩሱ ዝዓበ ሰራዊት ስለ ዝኾኮነ “”ኣብ ዘይናትና ኣይንደልን ዝብል ዓምር ዝኣምን እዩ። ብኣንጻሩ ግን ሰራውዊት ጃንዳ ዝገብሩዎ ዝነበሩ ዓመጽን ቅጥፈትን ይወግዝን ይከላኸልን ኔሩ እዩ። ህዝቢ ኣዲስ ኣበባ ኣጸቢቑ ተዛረበሉ እዩ።

ሎሚ ትርፍራፍ ጃንዳ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ሱርዓቶምን ዕሱባቶምን ኣብ ጽርግያ ወጺእኩም ኡይ በሉ ኢሎም ተደጋጋሚ ሓሶት ሓቂ ንምምሳል እንተፈተኑ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን ባህርያቶም እዩ። ሰላም ዘባና ጸረ ረብሕኦም ዝኾኑ ወጻእተኛታት ከምዞም ኣርባዕተ ኣምባሳደራት ኣሜርካ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ዝብልዎን ዝጽሕፍዎን ዘለዉ ግብረሽበራዊ ተግባራት ኣገልጋሊቶም ጃንዳ ስለ ዝጠፍኤት መተካእታ ኣብ ምፍጣር ሀ-ሁ-ሂ ኢሎም ክብገሱ ዝወስዱዎ ዘሎ ስጉምቲ ምኹኑ ከይተበገሱ ዝተገመተ ተንኮል እዩ። ጽንዓትን ሓቅነት ኤርትራን ባብ ስለ ዝኸልኦም ንኤርትራ ክውንጅሉ ናይ ሕጂ ሕማሞም ኣይኮነን። ከም ዓባይ ሰዓል ኣብ ኣእሙሩኦም ዝነብር ምዃኑ ኩልና ኤርትራውያን እንፈልጦ ነገር'ዩ። ክሳብ ከደምቲ ዘይሰኣኑ ስምና ከጸልሙ ድሕር ከምዘይብሉ ቀደም ቅድሚ ሓሙሳታት ኣቦሓጎታትናን ኣበታትናን ዝተሞኮሩዎን ዝተቓለሱዎ ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእንእ። ሎሚ ግዳ ኤርትራ ኢትዮጵያ ሶማል ኣብሓደ ሓሳብ ተጠርኒፈን። ንስለ ሰላምን ብልጽግናን ዞባና ክሰርሓ ተሰማሚዔን ከም ዘየሕርቖም ርዱእ ኮይኑ ኣሎ።

ብዛዕባ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ትግራይ ኣትዩ ዝብል ሕቶ ዝምልከቶ፡ እንተኣትዩ ስለምንታይ? እንተዘይኣትዩ ስለምንታይ ዝብል ንመንግስታት ይምልከት? ፈይስ ቡክ ዝምልሶ ኣይኮነን። ካብ ሽረ ዝመጸት ሰበይቲ ነጊራትና፡ ካብ መቐለ ሓደ ቦዘንየ ደዊሉልና፡ ካብ ዓድዋ ኣይተ እገለ ነጊሮምናታ ዝበሃል ሕሩን ሙሽሙሽ ዘረባታት ተቐቢሎም ኣምባሳደራት ኣሜርካ ነበር ኣብ ቅድመ ገጽ ሚድያታት ከውጽኡን፡ ሕሱር ጽሑፋቶም ናብቶም ለባማት መራሕቲ ክሰዱ ዘሕንኽ ጥራሕ ዘይኮነ መርገጽ ኣሜርካ ኣብ ልዕሊ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለዎ ንዕቀት ደጋጊሙ ዘጉልህ እዩ። እዚ ሕሱር ተግባራቶም፡ ናብ ዝተናውሔ ግዜ ጽልዋ ኣሜርካ ካብ ገጽ ኣፍሪቃ ፈጺሙዘዝጥፍእ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። “እምነት ጁንታውያንን ሰዓብቶም ኮምኡውን መወልቶምን “ተደጋጋሚ ሓሶት ሓቂ ይኸውን ክብሉ ከለዉ” ንሕና ድማ “ ሓቂ ብርእሳ እንተቀበርካያ ብእግራ ትወጽእ ንብል” **ሓቂ ኩሉ ግዜ ምሳና እያ።**

ዓወትን ብልጽግናን ንህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቕ፡  
ስዕረት ንናብ ዘይጉዳዮም ኣእዳዎም ዘእትዉ፡  
ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡  
ዓወት ንሓፋስ  
ገብረንጉስ መስመር  
ጥሪ 30, 2021